

TIGRINJA / ትግርኛ

# ስፖርት – ጽቡቕ መጀመሪ ናይ ህይወት'ዩ

ስፖርት ንቖልዑን ንዓበይትን ናይ ምንቅስቓስ ዕድል ዝህብ፥ ንገዛእ ርእስኻ ንኽትብድህ ዘኽእል፥ ናይ ምሕዝነታዊ ሓጎስ ውን ዝፈጥረልካ ነገር'ዩ። ኣብ ሓደ ናይ ስፖርት ማሕበር ምህላው፥ ምስ ካልኦት ሰባት ሕብረት ንኽስምዓካን ዝገብርን፥ ሓደስቲ ኣዕሩኽቲ መሓዙትን ውን ንምርካብ ዕድል ዚህብን'ዩ። ኣብዚ ታሕቲ፡ ስፖርት ኣብ ሃገር ሽወደን ብኸመይ ከም ዚሰርሕን፥ ኣብ ሓደ ናይ ስፖርት ማሕበር ውን ብኸመይ ኣባል ክትከውን ከም ትኽእልን ክንገልጽ ኢና።

## ንዅሉ ሰብ ክፉት

ኣብ ሃገር ሽወደን ኣስታት 19 000 ዝኾና ስፖርታዊ-ማሕበራት ኣሎዋ። ንዅሉ ኣባል ክኸውን ዝደሊ ሰብ ድማ ክፉት ኮይኑ፥ ንስኻ መን ምዃንካ፡ ካበይ ከም ዝመጻእካ፡ እንታይ ሃይማኖት ከም ዘሎካ፡ እንታይ ቋንቋ ከም ትዛረብ ወይ ኣበየናይ ናይ ሽወደን ቦታ ከም ትቕምጥ፥ ብፍጹም ኣይግድስን እዩ። ሓደ ናይ ስፖርት ማሕበር፥ ንዓበይቲ ይኹን ንቖልዑ፥ ንዅሉ ሰብ ክፉት እዩ። ብዙሓት ናይ ስፖርት ማሕበራት፥ ንዓኻ ኣብ ውድድር ክትሳተፍ ንትድሊ ወይ ክይተወዳደርካ ውን ምንቅስቓስ ኣካላት ጥራይ ምግባር ንትደሊ ሰብ፥ ዝዕድማ ውድባት እየን።

## እንታይ ዓይነት ስፖርትታት ኣሎ?

ልዕሊ 3 ሚልዮን ዝኸውን ህዝቢ፥ ኣስታት ሓደ ሲሶ ናይ ሽወደን ሕብረተሰብ፥ ኣብ ሓደ ናይ ስፖርት ማሕበር ኣባል እዩ። ስለዚ ድማ፡ ስፖርት "ኣብ ሽወደን እቲ ዝዓበየ ዝበሃል "ህዝባዊ-ምንቅስቓስ" እዩ። ኣብ ምሉእ ሃገር፡ በበውልቅኻ ዚግበር ስፖርት፥ ንኣብነት ከም ጂምናስቲክ፥ ናይ ግጥም ስፖርትታት ወይ ቅድድም-በረድ ከምኡ ውን ጋንታዊ-ስፖርትታት፥ ንኣብነት ከም ኵዕሶ-እግሪ፡ ባስኬት ወይ ናይ በረድ-ቃርሳ ይርከቡ እዮም። ገለ ካብቶም ስፖርትታት፡ ብሰፊሑ ኣብ ጊዜ ሓጋይ ዝዝውተሩ ኮይኖም፥ እቶም ካልኦት ድማ፡ ኣብ ጊዜ ክረምቲ ዝካየዱ እዮም። ንጎረቤትካ ወይ ኣብ ቤትትምህርቲ ንዘሎ ናይ ስፖርት መምህርካ ወይ ንዓርክኻ ብምሕታት፥ ኣብ ከባቢኻ እንታይ ዓይነት ስፖርትታት ከም ዘሎ ፍሊጥካ፥ እናፈተንካ ናብቲ ትፈትዎ ዓይነት ስፖርት ከም ትበጽሕ ግበር።

## ማሕበራዊ-ህይወት – ወለንታዊ- ስርሓት

ኵለን ናይ ስፖርት ማሕበራት ብመሰረቱ ናይ ወለንታዊ ስርሓት ዘካይዳ እየን። እዚ ማለት ድማ፡ ውልቀ-ወናኒ ዘይብለን – መኽሰብ ናይ ምምጻእ ውን ጠለብ ዘይብለን እየን። እቲ ማሕበር ብኸመይ ንጥፈታቱ ክመርሕ ከም ዘሎዎ ዚውስኑ እቶም ኣባላቱ እዮም። ሓላፍነት ናይቶም ነንበይኖም ዕማማት-ማሕበር ዚወስዱ ውን፥ ንሳቶም እቶም ኣባላት እዮም። እዚ ማለት ድማ ንኣብነት፥ ነቲ ኣብ ጊዜ ምሸታት ወይ ኣብ ጊዜ በዓላት ዚካየድ ናይ ልምምድ መደባት ዝመርሑ፥ ናይ ቡንን-ሻሂን ዝሸጡ፥ ኣብቶም ብማሕበር ዝዳሎዉ ውድድራት ናይ ምግፋር ሓላፍነት ዚወስዱ፥ ንሳቶም ባዕላቶም እዮም። ናይ ስፖርት-ማሕበራት፥ ከምቲ ናይ ግላውያን ኩባንያታት – ብደሞዝ ተቖጺሮም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት የብለንን። ቁጠባ ናይ ስፖርታዊ-ማሕበራት፡ ካብ ክፍሊት ናይ ኣባልነትን - ካብ ኮሙንን ካብ መንግስትን ብዚርከብ ሓገዛት ዝቖመ እዩ። ይኹን እምበር፡ እዚ ውን መብዛሕትኡ ነቲ ዅሉ ወጻኢታት ናይ ልምምድ-ጊዜ፥ ንኽራይ-ገዛ፡ ናይ ውድድር-መገሻታት ንምሽፋን ኣኻሊ ከይከውን ይኽእል'ዩ። ስለዚ ድማ፡ ኵሎም ኣባላት ናይቲ ማሕበር፥ ዓበይትን መንእሰያትን፥ ብመን-ሕራይ ናይ ኣገልግሎት ሓገዞም ክውፍ'ዩ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር'ዩ።

## ብኸምዚ ኣገባብ ኣባል ትኸውን

ዳርጋ ኹለን ናይ ስፖርት-ማሕበራት፥ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ዘሎወን ወይ ኣብ ማሕበራዊ-ሚድያ ዝርከባ ኮይነን፥ ኣብኡ ድማ ኣባል ናይቲ ማሕበር ንምኳን ምስ መን ክትራኸብ ከም ትኽእል፥ ሓበሬታ ተጻሒፉ ይርከብ'ዩ። ብዙሕ ጊዜ ኣብ መጀመርታ፥ ነቲ ዓይነት ስፖርት ትፈትዎ ምኳንካ ንምፍላጥ፥ ንኽልተ ጊዜ ዚኸውን ክትፍትኖ ይፍቀደልካ'ዩ። ብድሕሪኡ ግን፡ ልምምድ ንምግባርን ኣብ ስፖርታዊ-ውድድራት ንኽትሳተፍን፥ ኣባል ናይቲ ስፖርታዊ-ማሕበር ክትከውን የድሊ እዩ። ኣባል ኳንካ ንምምዝጋብ ንኽትክእል፥ ስምካ፡ ናይ ኤ-ፖስት ኣድራሻኻ፡ ኣድራሻ-ገዛኻን ቁጽሪ-መንነትካን ክትህብ የድሊ።

ብድሕሪኡ ድማ ናይ ኣባልነት ክፍሊትካ ትኸፍል። ናይ ኣባልነት ክፍሊት፡ ሓደ ጊዜ ኣብ ዓመት ኢኻ ትኸፍል። ክሳብ'ቲ ኣባል ናይቲ ማሕበር ክትከውን እትደልየሉ ጊዜ ድማ፥ ምኽፋልካ ትቕጽል። ቁጽሪ መንነትካ ምግዳፍ ዘድልየሉ ምኽንያቱ፥ ንናይ ውሕስነት ዚምልከት ጉዳያትን - ሓገዝ ንምርካብን እዩ። ስለዚ፡ ካብቲ ናይ ስፖርታዊ ጉዳይ ሓሊፉ፥ ኣብ ካልእ መዓላ ኣይክጥቀሙሉን እዮም። እተን ማሕበራት፡ ንናይ ኣባላተን ግላዊ-ሓበሬታ ዘመሓድራሉ ኣገባባት ኣሎወን፥ እዚ ድማ፡ ምስጢራዊ-መንነት ዘሎካ ወይ ካልእ ዓይነት ምምሕዳራዊ መለለዪ-ቁጽሪ ዘሎካ ሰብ ምስ ትኸውን እዩ።

## ክንደይከ የኽፍል?

ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ንኣባልነት ከም ትኸፍል፥ ከከምቲ ዓይነት ስፖርትታትን፡ ኣበየናይ ቦታ ናይታ ሃገር ከም ትነብርን፥ ይፈላለ እዩ። ኣብ ገለ ዓይነት ስፖርትታት ውን፥ እቶም ዘድልዩኻ መሳርሒታት ባዕልኻ ክተዳልዎም ትግደድ ኢኻ። ገለ ሰባት ነቶም ዘድልይዎም ኣቝሑት፥ ኣቐዲሙ ሰብ ተጠቒሙሎም ዝነበረ - ካብ ናይ ካልኣይ ኢድ ድኳን ወይ ኣብ ኢንተርነት ብዝግበር ሬክላም ምግዛእ ይመርጹ'ዮም። ካልእ ኣማራጺ ውን፡ ነታ ናይ ስፖርት ማሕበርካ - ክትልቅሖ ትኽእል መሳርሒ እንተደኣ ኣልዩዎም ምሕታቶም እዩ። ካልኦት ክሕግዛ ዚኽእላ ውድባት ውን ኣሎዋ እየን። ንኣብነት ከም "Fritidsbanken" ዝተባህለ ትካል፥ ንሓደ ዓይነት ስፖርት ወይ ናይ ነጻ ጊዜ ንጥፈት ንኽትፍትን ተባሂሉ፥ ናይ ስፖርት ኣቝሑት ን14 መዓልታት ከለቅሕ ይኽእል እዩ። ዋላ'ኳ ኣባል ናይ ሓደ ስፖርት ማሕበር ንኽትከውን ገንዘብ ዘኽፍል እንተ ኾነ፥ ንስኻ ውን ካብኡ ብዙሕ ረብሓታት ኢኻ ትረክብ። ንኣብነት፡ ምውስዋስ ኣካላት፡ ናይ ውድድር-መገሻታት፡ ማሕበራዊ-ሙቐትን ሓደስቲ ኣዕሩኽ ክትረክብ ምኽኣልን እዩ።

## እቶም ኣባላት'ዮም ዚውስኑ

ወለንታዊ ማሕበራት ደሞክራስያዊ መርሆ'ዩ ዘሎወን እየን። እዚ ማለት ድማ፡ ንስኻ ኣባል ብምኳን፡ እቲ ስፖርታዊ ማሕበር ብኸመይ ክሰርሕ ከም ዘሎዎ ጽልዋ ክተሕድር መሰል ኣሎካ። ሓደ ጊዜ ኣብ ዓመት ኵሎም እቶም ናይ ኣባልነት ክፍሊት ዝኸፈሉ ሰባት፥ ኣብ ዓመታዊ-ኣኼባ ተራኺቦም፡ ናይቲ ዚቕጽል ዓመት ስራሕን፡ ነቲ ናይ ማሕበር ገንዘብ ኣብ ምንታይ ከም ዝጥቀሙሉን፥ ብሓባር ኮይኖም ይዝትዩን ኣብ ውሳኔ ይበጽሑን እዮም። ኣብቲ ዓመታዊ ኣኼባ፡ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ነናቱ ድምጺ ኣሎዎ። ነዚ ድምጺ'ዚ ተጠቒምካ ድማ፡ ኣመሓደርቲ ናይቲ ማሕበር ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። እቶም ኣመሓደርቲ ዝበሃሉ፥ እቶም ነቲ ሓባራዊ ሕጊታት ናይቲ ማሕበር ንኽስዓብ ሓላፍነት ዝወስዱ ጕጅለ ሰባት ኮይኖም፥ ነቶም ብዓመታዊ ጉባኤ ዝሓለፉ ናይቲ ስፖርታዊ ማሕበር ውሳኔታት ኣብ ግብሪ ዝትርጉሙ እዮም።



# ሓጸርቲ ሕቶታትን መልሲታትን

**1. ኣብ ሓደ ስፖርታዊ-ማሕበር ኣባል ኪኸውን ዚኽእል መን'ዩ?**
**መልሲ፡-** ዕላማ ናይ ሓደ ስፖርት፡ ኵሎም እቶም ድሌት ዘሎዎም ሰባት ንኺሳተፍዎ እዩ! ኣብዚ ናይ ሎሚ ጊዜ'ዚ፡ ብዓይነተን ዝተፈልያ ማሕበራት ኪህልዋ ይኽእል'የን፥ ንኣብነት ብኣገባብ-ልምምድን ብብዝሒ-ቦታን እዩ።

**2. ውላደይ ናብ ሓደ ስፖርታዊ-ማሕበር ንኺሳተፍ ንኽልእኮ፥ ውሕስነት ዘሎዎ ነገር ድዩ?**
**መልሲ፡-** ኵሎም ቆልዑ ውሕስነት ንኽስምዖም ዝከኣለና ኵሉ ኢና ንገብር። ንቖልዑ ብኸመይ ዘቅስን ከባቢ ክትፈጥረሎም ከም ትኽእል ዝዓለመ፥ ነቶም ኣብቲ ስፖርታዊ-ማሕበር'ቲ ዘሎዉ መራሕቲ ዚወሃብ ትምህርቲታት ውን ኣሎ'ዩ። እተን ስፖርታውያን-ማሕበራት ዝስዕብኦ "መሰረተ-ክብሪታትን" ኣሎ እዩ። ንሱ ድማ ኣብ ሓድሕድካ ብኸመይ ክትዋሳእ ከም ዘሎካ ዝገልጹ ሓባራዊ ሕጋጋት ኣሎዉና፥ ንኣብነት ጕጅላዊ-መጥቃዕቲ ወይ ዓመጽ ወይ ዓሌታዊ-ኣድልዎ ኣብቲ ማሕበር ንኸይህሉ ምግባር እዩ።

**3. እንታይ ክኽፍል ይግብኣኒ?**
**መልሲ፡-** ናይ ኣባልነት ክፍሊትን - ኣብ ገለ ካልእ ኩነታት ድማ፥ ንናይ ልምምድን መሳርሒታታ ዚግበር ወጻኢታት እዩ። ኣብቲ ማሕበር ነጢፍካ ብምስታፍ፥ ንኣብነት ኣብ ጊዜ ውድድራት ኣጋፋሪ ብምኳን ወይ ኣብ ሎተሪ ምሻጥ ብምውሳእ፥ ነቲ ወጻኢታት ናይቲ ማሕበር ከም ዝንኪ ክትገብር ይከኣል እዩ።

**4. ስለ ምንታይ ኣብ ሓደ ማሕበር ክህሉ የድልየኒ?**
**መልሲ፡-** ንዓኻን ንውላድካን ዕድል ናይ ምልምማድ ስለ ዝህበካ፥ ጽቡቕ ከም ዝስምዓካ ስለ ዚገብር፤ ዕርክነትን ምሕዝነትን ክትረኽበሉ ትኽእል ስለ ዝኾነ'ዩ። ክትሕጐስን፡ ምስ ካልኦት ሰባት ንምርኻብ መገዲ ስለ ዝኸፍተልካ ቦታ'ዩ። ንብዙሓት ሰባት፡ እቲ ስፖርታዊ-ማሕበር ናይ ዕርክንትን ምሕዝነትን ቦታ ኮይኑ፤ ብድሕሪ ትምህርትኻ ወይ ስራሕካ፥ ናብኡ ንኽትከይድ እትናፍቖ፥ ምስ ካልኦት ሰባት ሓቢርካ እትዋስኣሉን ሕሳባትካ ትገልጸሉን ቦታ'ዩ። ንገለ ሰባት ውን፡ ናብ ስራሕ-ዓለም ንምእታው ዘምርሕ መገዲ ኪኸውን ይኽእል'ዩ።

**5. ኣባል ብምኳነይ ዝረኽቦ ነገር እንታይ'ዩ?**
**መልሲ፡-** ኣባል ብምኳንካ ምስ ካልኦት ሰባት ንምርኻብ ዕድል ትረክብ፥ ነቶም ንጥፈታት ናይቲ ማሕበር ጽልዋ ክትገብር፥ ኣብቶም እቲ ማሕበር ንኹሎም ኣባላቱ ዘዳልዎም ስፖርትታት ውን ንኽትካፈል ዕድል ዝህብካ እዩ።

## ጥርናፈ ብሃገር ደረጃ – ገለ ጭብጢታት – Fakta RF-SISU

ሃገራዊ-ማሕበር **Riksidrottsförbundet (RF)**፡- ነቲ ስፖርታዊ ህዝባዊ-ምንቅስቓስ ኣብ ሽወደን፥ ብሃገር ደረጃ ዝጥርንፍ፥ ነቲ ጨንፈር ስፖርት'ቲ ዘማዕብልን – ንዕኡ ደገፍ ዚህብን ውዳበ እዩ። ብጠቕላላ፡ ኣስታት 70 ዝኾና ነንበይነን ሃገራውያን-ማሕበራት "RF"፥ 19 000 ስፖርታውያን-ማሕበራት፥ ከምኡ ውን ኣስታት 3,3 ሚልዮን ኣባላት ኣሎዉ እዮም። ሓደ ሃገራዊ-ማሕበር "RF"፥ በብደረጅኡ ብዞባታትን በብሰፈሩን፡ ኣብ ምሉእ ሃገር ዝርግሐ ዘሎዎ እዩ።

**ኤስ.ኣይ.ኤስ.ዩ. ስፖርታዊ-መምህራን - SISU Idrottsutbildarna (SISU)**፡- ዝበሃል እቲ ናይ ስፖርታውያን-ማሕበራት ናይ ገዛእ-ርእሰን ናይ ትምህርቲ-ትካል እዩ። እዚ "SISU" ናይ ስፖርታዊ-ማሕበራት ናይ ትምህርቲ ትካል'ዚ፥ ህዝባዊ-ትምህርቲ ዚህብ፡ ከምኡ ውን ንስፖርታውያን-ማሕበራት ትምህርቲታት ብምድላው፥ ንኣተሓሳስባ ደቂ-ሰባት ፍልጠትን፡ ሓይልን፡ ሓደስቲ ምህዞታትን፥ ናይ ምዕባለ ድሌትን ከም ዝህሉ ዚገብር'ዩ። እዚ "SISU" ትካል'ዚ ውን፥ ብሃገርን ዞናን ሰፈርን ደረጃ ዝርግሐ ዘሎዎ ትምህርታዊ-ትካል'ዩ።



# መዝገብ-ቃላት

**ህዝባዊ-ምንቅሳቕ – Folkrörelse፡-** ብዙሓት እኩባት ሰባት፡ ብሓደ ዕላማ ተጠርኒፎም፡ ኣብቲ ምሉእ ሃገር ውዳበ ዝፈጥሩ እዮም።

**ኣጋፋሪ – Funktionär፡-** ሓደ ሰብ ኣብ ሓደ ስፖርታዊ ማሕበር ዝነጥፍ (ዝተሓጋገዝ)፥ ንኣብነት ኣብ ምድላው ስፖርታዊ-ውድድራት ኪኸውን ይኽእል'ዩ። ነቲ መሸጣ ሻህን-ቡንን ሓላፍነት ዝወስድ፥ ንበጻሕቲ-ኣጋይሽ ኣበይ ኮፍ ከም ዚብሉ ዘጋፍር፥ ወይ ውን ከም ዳኛ ኮይኑ፡ ናይቲ ጸወታ ሕጊታት ከም ዝስዓቡ ምግባር ኪኸውን ይኽእል'ዩ።

**ወለንተኛ/ወለንታኛነት – Ideell / Ideellt፡-** ሓደ ማሕበር ወይ ውድብ ንመኽሰብ ኢሉ ምስ ዘይነጥፍ፥ ወለንተኛ (ግብረ-ሰናያዊ) ተባሂሉ'ዩ ዚጽዋዕ። ሓደ ስፖርታዊ-ማሕበር ወለንተኛ ትካል ኮይኑ፥ ኣብቶም ነንበይኖም ስርሓት ናይቲ ማሕበር ዝነጥፉን ሓላፍነታት ዝወስዱን፡ እቶም ኣባላት'ዮም። ኣብ ስፖርታዊ-ማሕበራት፡ ከም ናይ ውልቃዊ-ኩባንያ፡ ሰባት ተቖጺሮም ደሞዝ ዝረኽቡሉ ዓይነት ኣይኮነን።

**ስፖርታዊ-ማሕበር – Idrottsförening፡-** ሓደ ስፖርታዊ ማሕበር ዝበሃል፥ ሓቢሮም ልምምድ ብዝገብሩን ዝወዳደሩን ጕጅለ ሰባት ዝቘመ ማሕበር'ዩ። ሓደ ስፖርታዊ-ማሕበር "idrottsförening" ኣሕጺርካ ውን "IF" ተባሂሉ ይጽዋዕ'ዩ። ይኹን እምበር ብዙሕ ካልእ ዓይነት ኣጸዋውዓ ናይ ስፖርታውያን ማሕበራት ውን ኣሎ'ዩ፥ ንኣብነት ከም "IK" (idrottsklubb)፡ "IS" (idrottssällskap) ወይ "SK" (sportklubb) ውን ኪኸውን ይኽእል'ዩ።

**ክፍሊት-ኣባልነት – Medlemsavgift፡-** ኣብ ሓደ ስፖርታዊ-ማሕበር ንኽትሳተፍ፥ ኣባል ክትከውን ይግባእ። ኣባል ክትከውን ትኽእል፡ ናይ ኣባልነት ክፍሊት ምስ ትኸፍል'ዩ። እዚ ማለት ድማ፡ ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ፡ ሓደ ውሱን ገንዘብ ነቲ ስፖርታዊ-ማሕበር ብምኽፋል እዩ።

**ኣመሓደርቲ – Styrelse፡-** ነፍሲ-ወከፍ ስፖርታዊ-ማሕበር፥ ኣብ ዓመታዊ-ጉባኤ ብኣባላት ዝተመርጹ ኣመሓደርቲ ዘሎዎ እዩ። መዝነት ናይቶም ኣመሓደርቲ ድማ፥ ክሳብ'ቲ ዚመጽእ ዓመታዊ-ጉባኤ ስርሓት ናይቲ ማሕበር ምምራሕ'ዩ።

**ዓመታዊ-ጉባኤ – Årsmöte፡-** ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ንኹሎም ኣባላት ናይቲ ስፖርታዊ-ማሕበር ዚግበር ጉባኤ እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ኣባል፡ ኣብቲ ዓመታዊ-ጉባኤ ነናቱ ድምጺ ኣሎዎ። ኣብቲ ዓመታዊ-ጉባኤ፡ ኣመሓደርቲ ናይቲ ማሕበርን ዝምረጹሉን፥ ናይቲ ዚመጽእ ዓመት ናይቲ ስፖርታዊ-ማሕበር መደባት ዝጸድቀሉን ጊዜ እዩ።